UK Health
Security
Agency

NHS

## ክታበት MenACWY ብምውሳድ

# ንገዛእ-ርእስና ካብ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን

## ከምኡ`ውን ካብ ምምራዝ ደም ንከላኸለላ



immunisation
the safest way to protect your health

# ብባክተሪያ መኒንጎኮካል ዝሰዕብ ሕማም

**እዚ ብባክተሪያ መኒንጎኮካል ዝሰዕብ ሕማም ኣዝዩ ሓደገኛን ብምኽኑ፡ ፍወሳኡ ህጹጽ ናይ ሆስፒታል ሕክምና ዝጠልብ እዩ። ከም ግዱድ መቑረጽቲ መሓውር፡ ጽሙምነት፡ ከምኡ’ውን ሃሰያን በሰላን ሓንጎል ናብ ዝኣመሰሉ ንህይወት ዘባላሽዉ ተርእዮታት ሰንክልና ከምርሕ ይኽእል። ኣብ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ብዝምደብ ዓሌት ባክተርያ መኒንጎኮካል እዩ ዝሰዕብ። እቶም ዝያዳ ኣብ ተርእዮ ልሙዳት ዝኾኑ ዓሌት ናይ’ዚ ባክተሪያ A፡ B፡ C፡ W ከምኡ’ውን Y እዮም። ናጽላታት፡ ነኣሽቱ ህጻናት፡ ኰተትየታትን ነኣሽቱ መንእሰያትን ብዝያዳ ናብ’ዚ ብባክተሪያ መኒንጎኮካል ዝሰዕብ ሕማም ዝተቓልዑ እዮም።**

ባክተርያ መኒንጎኮካል፡ ሕማም መኒንጃይቲስ (ነድሪ ሽፋን ሓንጎል) ከምኡ`ውን ሕማም ሰፕቲሰሚያ (ናብ ዋሕዚ ደም ኣካላትና ኣትዩ ምምራዝ ደም ምስ ኣሰዓበ) ከሰዕብ ይኽእል። ክልቲኣቶም ሕማማት ኣዝዮም ሓደገኛታትን ቀተልትን እዮም፤ ብፍላይ ድማ ኣቓዲሞም እንተዘይ ተነጺሮም።

ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ይኹን ምምራዝ ደም፡ ምዝባዕ ሰርዓተ-ምክልኻል-ሕማማት ናይ ኣካላት ናብ ዝጠንቁ ቊጥዐ (Sepsis/ሰፕሲስ) ከምርሕ ይኽእል። እዚ ‘ሰፕሲስ’ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክስተት እዚ፡ ኣብ ሙሉእ ኣካላትና ዝዝርጋሕን ንህወይት ናብ ሞት ዘቃልዕን ቊጥዐ ሰርዓተ-ምክልኻል-ሕማማት ናይ ኣካላት ኰይኑ፡ ናብ ሃሰያ ኣካሊት፡ ናብ ፍሽለት/ድኽመት ክፍሊ ኣካላት ወይ ናብ ሞት ከምርሕ ይኽእል።







## ስለምንታይ ነዚ ክታበት እዚ ክወስዶ  የድልየኒ?

ዓበይቲ ኲተትየታትን ነኣሽቱ መንእሰያትን ብዝያዳ ናብ'ዚ ብባክተሪያ መኒንጎኮካል ዝስዕብ ሕማም ዝያዳ እተቓልዑ ስለዝኾኑ፡ ውሕስነት ንኽትረኽቡ ክታበት ክትወስዱ ይግባእ። እዚ ክታበት እዚ ካብ ዓመተ-2015 ኣትሒዙ ከም ኣካል ናይ'ቶም ብመገዲ ፕሮግራም ኮተትየታት ብቐጻሊ ክወሃቡ ዝጸንሑ ክታበታት ኲይኑ፡ ውሑሰን ኣዝዩ ውጽኢታውን እዩ። ነቲ ንኽልኦት ሰባት ሕማም ከነመሓላልፍ ዘለና ተኽእሎ እውን የጉድሎ እዩ። ከም ህጻናትን እግሪ-ተኽልታትን ክታበት MenC ወሲድና ክንከውን ንኽእል ኢና። እዚ ግን በቶም ካልኦት ጉጅለታት ባክተሪያ መኒንጎኮካል ካብ ዝስዕብ ሕማም ክከላኸለልና ኣይክእልን እዩ።

ክታበት MenACWY ኣንጻር MenC ንዝህልወና ተጻዋርነት ሕማም ክብ ዘብል ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ካብ ሰለስተ ጉጅለታት ናይ ባክተሪያ መኒንጎኮካል (A፡ W ከምኡ'ውን Y)ከኣ ይከላኸለልና። እዚ ክታበት እዚ ካብ ኲላቶም ሕማማት ናይ ባክተሪያ መኒንጎኮካል ዝከላኸለልና ኣይኮነን፤ ንኣብነት ካብ MenB። ስለዚ ብዛዕባ እዞም ምልክታትን ምልክታት ሕማምን ኣፍልጦ ክህልወና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## ክታበት MenACWY ክወስድ ይግደድ ድየ?

ኣይፋል፤ ግን ከኣ እቲ ዝበለጸ ውሕስነት እንረኽበሉ መገዲ ክታበት MenACWY ምውሳድ እዩ። ንስኻትኩም ኲኑ ወለድኹም/መጉዚታትኩም፡ ክታበት ንኽትወሰዱ ወግዓዊ ፍቓድ ክትህቡ የድልየኩም። ከም ልሙድ፡ እዚ ክታበት እዚ ተማሃሮ 9ይ ክፍሊ ኣብ እትኾኑሉ ዓመት፡ ማለት ዕድሜኹም 13-14 ዓመት ምስኮነ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክወሃበኩም እዩ። እዚ ክታበት እዚ ምስዝሓልፈኩም ኣይትሻቐሉ። ገና ተማሃሮ እንተኼንኩም፡ ነዚ ናጻ ናይ MenACWY ክታበት፡ ብመገዲ ነርስ ቤት-ትምህርቲ ወይ ጉጅለ ክታበት ቤት-ትምህርቲ ክትወሃብዎ ኢኹም። ኣብ ትምህርቲ እንተዘይሃሊኹም፡ ማለት መበል 25 ዓመት ልደትኩም ክሳብ ዘይጸንበልኩም፡ ድማ ኣብ`ቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና ኬድኩም ክትወስድዎ ትኽእሉ ኢኹም። ክልተ ዓይነት ክታበት MenACWY እዮም ዘለዉ። MenQuadfi Nimenrix ከምኡ'ውን MenVeo ተባሂሎም ይጽውዑ። ኣብ'ዚ ገጽ እዚ ብምእታው ንተሓከምቲ ዘገልግሉ በረርቲ ጽሑፋት ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፦

MenQuadfi: **www.medicines.org.uk/emc/product/12818/pil**

Nimenrix: **www.medicines.org.uk/emc/product/4118/pil**

MenVeo: **www.medicines.org.uk/emc/product/2939/pil**

## እዚ ክታበት እዚ ኣቓንዛዊ ድዩ?

ክታበት ዝፈቱ ሰብ የልቦን፤ ግን ከኣ ናይ ቅጽበት ቃንዛ ጥራይ እዩ። እቶም ኣብ ጠቕሚ ዝውዕሉ መራፍእ ቀጠንቲ ስለዝኾኑ፡ ቀላል ሸቕታ ጥራይ እያ ትስምዓና። ብዛዕባእዚ መርፍእ ምውጋእ ዝመጸ ቁሩብ ፍርሒ ምስዝስምዓና፡ ከይተወጋእና እንከለና ንዝምልከቶ/ታ ነርስ ወይ ዶክተር ንሓብር።

ንገዛእ-ርእስና ካብ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ከምኡ`ውን ካብ ምምራዝ ደም ንከላኸለላ

## ምልክታትን ምልክታት ሕማምን

**እዚ ብባክተሪያ መኒንጎኮካል ዝሰዕብ ሕማም እዚ፣ ኣብ ፈለማ፡ ብርትዕቲ ኢንፍሉዌንዛ ክመሰል ይኽእል እዩ። ይኹን`ምበር፡ እቲ በዚ ሕማም እተጠቕዐ ሰብ ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰዓታት እዩ ብጽኑዕ ዝሓምም። ቅልጡፍ ፍወሳ ምርካብ ንህይወትና ካብ ሞት ክገላግላ ዝኽእል ስለዝኾነ፡ ንገለ ካብ’ቶም ምልክታትን ምልክታት ሕማምን ምፍላጦም ጽቡቕ እዩ።**


- ሓያል ከቢድ ቃንዛ ርእሲ
- ድርቀት ክሳድ
- ልዑል ረስኒ ኣካላት
- ምንፍርፋር/ሃንደበታዊ ሕማም
- ብዕዛዘ ወይ ናይ ምብርባር ጸገም
- ምህትፍታፍ/ወይ እውን እንተላይ ሰምዒት ቀጨውጨው
- ዝሑል ኣእዳውን ጕንቦ ኣእጋርን



**ብዛዕባ እዞም ናይ ሓ**
**ምልክታት ሕማ**

ሓደ ካብ’ዞም ምልክታት ሕማም ጥራይ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክኸሰቱ ዝከኣል እዩ። ብዝተፈላለየ መልክዕ ወይ መስርዕ ተኸሲቶም ምስ ክልተ ሕማማት ከነደናግሮም ከኣ ዝከኣል እዩ። ንሕና ንኹን ፈተውትና ዘሰክፉ ምልክታት ሕማም ምስዝረኣዩና ወይ ቅልጡፍን እናበኣሰ ዝኸይድን ጸገም ጥዕና ምስእንዕዘብ፡ ተቓላጢፍና ናብ ሕክምና ክንከይድ ኣገዳሲ እዩ።

**ካልኦት ብዙሓት ጠንቅታት ናይ ተመሳሳሊ ተርእዮ እውን ስለዘለዉ፡ ዋላ ክታበት ዝወሰድና እንተ'ኼንና እውን፡ ንምልክታትን ምልክታት ሕማምን ናይ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ይኹን ምምራዝ ደም ክንፈልጦም ኣገዳሲ እዩ።**





ንምልክታትን ምልክታት ሕማምን ናይ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ከምኡ'ውን ምምራዝ ደም ብዝምልከት ሙሉእ መግለጺ ዝሓዙ ተንቀሳቐስትን ዘይተንቀሳቐስትን ኣሳእል፡ ኣብ'ዚ ክርከቡ ዝከኣል እዩ፦ **www.meningitis.org** ከምኡ'ውን **www.meningitisnow.org**

*ነዚ ኣብ ዝባን ናይ`ዚ ቈጽሊ ወረቐት ተጠቒሱ ዘሎ `ናይ ጥርሙስ መርመራ` ነተግብሮ ዝብል ጽሑፍ ንመልከት

## `ናይ ጥርሙስ መርመራ` ነተግብር

ብምምራዝ ደም እተጠቕዐ ሰብ ሒደት ዕጣራት ናይ ቈርበት ወይ ብዕንፋሩር እተሰነየ ረሰኒ ኣካላት ክረኣዮ ዝከኣል እዩ። ድሒሩ፡ እቲ ዕንፋሩር ናብ ሊላ ዝኸደ ሕብሪ ናብ ዘለዎ እሞ ተጸቒጡ ዘይሃስስ ሕብሪ በሰላ ይቕየር። ንዕንፋሩር ናይ ኣካላትና ብጐድኒ ናይ ብኬሪ ጸቒጥና ብምሓዝ ነዚ መርመራ እዚ ከነተግብሮ ንኽእል። ረሰንን ዕንፋሩርን ብሓንሳብ ምስዝረኣየና እሞ እቲ ዕንፋሩር ጸቒጥካዮ ዘይሃሰሰ ምስዝኸውን፡ ተቓላጢፍና ብቍጽሪ ተሌፎን 999 ብምድዋል ሕክምናዊ ረድኤት ከምእንረክብ ንግበር፤ ወይ ድማ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ናይ'ቲ ናባና ዝቐረበ ሆስፒታል ዝወሰደና ሰብ ንርከብ። ዕንፋሩር ክሳብ ዝረኣየና ኣይንጸበ። ድሒሩ ዝኽሰት ወይ ፈጺሙ ዘይረአ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓደ ሰብ ምስዝሓምም እሞ ኲነታት ሕማሙ እናተጋደደ ምስዝኸይድ፡ ሕክምናዊ ሓገዝ ብቐጥታ ከምዝረክብ ንግበር።

ጸሊም ሕብሪ ኣብ ዘለዎም ሰባት፡ እዞም ኣብ ቈርበት ዝወጹ ነጠብጣባት ምንጹር ምእንቲ ክረኣዩ፡ ቈርበት ሽፋን ዓይኒ ገምጢልና ወይ ኣብ ትንሓግ ንተዓዘብ





## ጐድናውያን ሳዕቤናት ኣለውዎ ዶ?

ኣብ`ታ መርፍእ እተወግአት ኢድ ዝኽሰት ሕበጥ፡ ምቕያሕ ወይ ተተንኪፉ ዘሕምም ስምዒት ክህሉ ንቡር እዩ። ከምኡ’ውን ቃንዛ ርእሲ ወይ ሓፈሻዊ ስምዒት ናይ ዘይምጥዓይ ክህልወና ተኽእሎ ኣሎ። ይኹን’ምበር፡ እዞም ምልክታት ሕማም እዚኣቶም ድሕሪ ሓደ ወይ ክልተ መዓልትታት ክጠፍኡ ይግባእ። ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ምልክት ሕማም ምስእትሻቐሉ፡ ከም’ቲ ልሙድ፡ ብመገዲ ቍጽሪ ተሌፎን ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና (NHS) 111 ድዩስ ብመገዲ እቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ትካል ሓፈሻዊ ሕክምና ሕክምናዊ ምኽሪ ርኸቡ።



ብዛዕባ እትጥርጥርዎም ጐድናውያን ሳዕቤናት ናይ’ዚ ክታበት እዚ፡ ብመገዲ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ብጫ ካርድ (Yellow Card)፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 0800 731 6789 (ካብ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 5:00 ድ.ቀ. ኣብ ዘሎ እዋን - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ) ብምድዋል ድዩስ መተግበሪ ብጫ ካርድ (Yellow Card app) ኣውሪድኩም ብምጽዓን ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**ንነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን ብዝምልከት፡ እዘን ቀጺለን ተጠቂሰን ዝርከባ ትካላት ግብረ-ሰናይ ሓበሬታ፡ ምኽርን ደገፍን ይህባ፦**

**ውድብ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ ነድሪ ሽፋን ሓንጎልን ዓንዲ-ሕቖን (Meningitis Research Foundation)**፡
ናጻ መስመር ተሌፎን ሓገዝ 080 8800 3344 –
ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ካብ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 5:00 ድ.ቀ. ኣብ ዘሎ እዋን

**ትካል መኒንጃይቲስ ናው (Meningitis Now)**፡ ናጻ መስመር ተሌፎን ሓገዝ
0808 80 10 388 – ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ፡ ካብ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 4:00 ድ.ቀ.፣ ዓርቢ ድማ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 1:00 ድ.ቀ. ኣብ ዘሎ እዋን

ዝኾነ ይኹን ሕቶ ምስዝህልወኩም ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስእትደልዩ፡ ምስ ዶክተርኩም፡ ምስ ነርስ ናይ ቤት-ትምህርቲ ወይ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ትካል መጥባሕታዊ ሕክምና ምስ ዝሰርሕ ነርስ ተዛራረቡ።

እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ብትካል ጥዕናዊ ድሕነት ዓዲ-እንግሊዝ (UK Health Security Agency) ዝፈረየ እዩ

© Crown copyright 2024
1P 100K AUG 2023 (APS). Product code: YPMACWY1TI Tigrinya.
UK Health Security Agency gateway number: 2024071.
እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ብትእዛዝ ድዩስ ካብ **www.healthpublications.gov.uk**
ብምውራድ ወይ በዚ ዝስዕብ ቍጽሪ ተሌፎን ብምድዋል ክርከብ ዝከኣል እዩ፦ 0300 123 1002 (መስመር ተሌፎን ዝኽፈተሉ ካብ ሰዓት 8፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 6፡00 ድ.ቀ. – ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘለዉ መዓልትታት)። ብቛንቋ እንግሊዝ እተዳለዉ ናይ ወረቓት ቅዳሓት ናይ’ዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ብትእዛዝ ክርከቡ ዝከኣል እዩ።